መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# ሓለቃ ቤት መቅደስ ናብ የሱስ ከምዝመጸ


ጸሓፊ :- Edward Hughes
ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ M. Maillot; Sarah S.
ትርጉም ፥ Daniel Efrem



ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada



©2021 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣




ሓደ ግዜ የሱስ ናብ ቤት መቅደስ መጸ። ምስመጸ ግና እታ ቤት መቅደስ ናብ ዕዳጋ ናይ ኣባጊዕን መሸረፍ ገንዘብን ገይሮማ ረኺሳ ጸንሓቶ።



ካብ ገመድ መግረፊ ሰርሑ፡ ካብቲ ቤት መቅደስ ኣውጸኦም፡፡ "ነዚ ንብረትኩም ካብዚ ኣርሕቅዎ" የሱስ ኣዘዞም። "ንቤት ኣቦይ ናይ ንግዲ ቦታ ኣይትግበርዎ" በሎም። የሱስ ንቤት ኣብኡ ይፈትዎ ነበረ፡፡



3

ነዚ ምስ ርኣዩ እቶም መራሕቲ ኣይሁድ፡ መንዩ እዚ ንቤት መቅደስ ከጽርዮ ስልጣን ዘልዎ በሉ። " ነዚ ቤት መቅደስ ኣፍርስዎ፡ ኣነ ከኣ ኣብ ሰለስተ መዓልቲ ክሓንጾ እየ" የሱስ መለሰሎም። ዝይከኣል'ዩ! እዚ ቤት መቅደስ ንክስራሕ ኣርብዓን ስዱሽተን ዓመት እዩ እኮ ወሲዱሉ።



4

የሱስ ግን ብዝዕባ መቅደስ ስግኡ እዩ ዝተዛረበ። ልክዕ ከምቲ ቤት መቅደስ፡ የሱስ ውን ናይ ኣምላክ ምሕደሪ እዩ። የሱስ ምስ ሞተ ኣብ ሰለስተ መዓልቲ ከምዝትስእ ይፈልጥ ነይሩ እዩ።



5



ሓደ ምሸት፡ ሓደ ሓለቓ ቤት መቅደስ ናብ የሱስ መጸ። እቲ የሱስ ዝገበሮ ትኣምራታት ሰምዑ፡ ንሱ ካብ ኣምላኽ ዝተላከ ምኳኑ ይፈልጥ ነበረ። ሕጂ ኒቀድሞስ ብዛዕባ የሱስ ብዙሕ ክፈልጥ እዩ መጺኡ፡፡

6



የሱስ ድማ ሰብ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ዝኣቱ ዳግም ምስ ዝውለድ ጥራይ ምኳኑ ነገሮ። ንቀዲሞስ ግን ኣይተረድኦን። ከመይ ገይሩ ሰብ ምስ ዓበየ መሊሱ ቆልዓ ኮይኑ ይውለድ፡ ኢሉ ድማ ሓሰበ።

7



"እቲ ካብ መንፈስ ዝተወልደ መንፈስ እዩ" የሱስ ክገልጸሉ ጀመረ። " ኣምላኽ መንፈስ እዩ። ከምቲ ንፋስ ዘይርኤ፡ እቲ ንፋስ ዝገብሮ ግን ዝርኤ ከምኡ ኣምላኽ ኣይርኤን፡ ዝገብሮ ነገር ግን ትርእዮ" በሎ።

8


ካብ ታሪኽ ናይ እስራኤል ድማ ነገሮ። ሓደ ግዜ ናብ ሙሴ ኣጉረምረሙ። "ዝኾነ መግቢ፡ ማይ የለን። ነዚ ኣምላክ ዝሃበና ማና ከኣ መኒናዮ" ኢሎም ከምዝበኽዩ ነገሮ።
9
እቲ ዝገበርዎ ሓጢኣት ንኣምላኽ ኣቖጥዖ። ዝናኸሱ ኣትማገን ድማ ልኣከሎም። እቶም ኣትማገን ድማ ነቲ ህዝቢ ነኸስዎ። ብዙሓት ድማ ሞቱ፡
10
ንሙሴ " ሓጢኣት ገርና ኢና፡ ነዞም ኣትማገን ከርሕቐልና ናብ ኣምላኽ ስሌና ጸሊ!" በልዎ። ሙሴ ድማ ጸለየ። ኣምላኽ ግን ነቶም ኣትማገን ኣየጥፍኦምን።
11
ሙሴ ተመን ኣስራዚ ክገብር፡ ኣብ ባላ ድማ ክሰቕሎ ነገሮ። "ኩሉ ብተመን ዝተነኽሰ እሞ ናብ ዝተሰቕለ ተመን ኣስራዚ ዝጠመተ ኣይመውትን እዩ" ድማ በሎ። ሙሴ ድማ ከምኡ ገበረ፡ ናብኡ ዝጠመተ ድማ ይድሕን ነበረ።
12
ወዲሰብ ድማ ከምቲ ተመን ኣስራዚ ከምዝስቀል ነገሮ፡፡ የሱስ ምእንቲ ሓጢኣተኛታት ኣብ መስቀል፥ ከምዝስቀል እዩ ነጊርዎ።
13
የሱስ ድማ በሎ፡ "ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ፡ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክረክብ እንበር ከይጠፍእ ምእንቲ ንዓለም ክሳዕ ክንድዚ ኣፍቀራ"።
14




15

ኒቀዲሞስ ሽዕኡ ምሸት እኳ ናይ የሱስ ስዓቢ እንተዘይኮነ ድሕሪ ብዙሕ ግዜ ግን የሱስ ምስሞተ ስለዝቀበሮ ንየሱስ ከምዘፍቅሮን ብየሱስ ከምዝኣመነን ኣርእዩ እዩ።



16

ድሕርዚ የሱስ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ብዛዕባ ኣምላኽ ክነግርዎምን ብየሱስ ንክኣምኑ ምእንቲ ዕድል ክረክቡን፡ ናብ ደቡብ ኣቢሎም ከዱ።




17

ሓለቃ ቤት መቅደስ ናብ የሱስ ከምዝመጸ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዮው 2-3, ዘሁ 21

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፥130

18




41

60

19

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3።16

20